



# ደርሆን ዓረዛዘነን

Winny Asara
Magriet Brink
Daniel Berhane Habte
3
ትግርኛ ti



ደርሆን ዓረዛዘነን መሓዙት እዮም ኔሮም። እንተኾነ ግና ኩሉ ግዜ ንሓድሕዶም ይወዳደሩ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ መኖም ዝበለጸ ተጻዋታይ ከምዝኾነ ንምርኣይ ኩዕሶ እግሪ ክጻወቱ ወሰኑ።



ናብቲ ሜዳ ኵዑሶ እግሪ ብምኻድ ግጥሞም ጀመሩ። ደርሆ ፈጣን እያ ኔራ፡ ዓረዛዘነ ግና ካብኣ ይቕልጥፍ። ደርሆ ኣርሒቓ ቐሊዓ፡ ዓረዛዘነ ግና ካብ ናታ ዝርሕቕ ቀሊዑ። ደርሆ ገንጨርጨር ክትብል ጀመረት።




ውሳነ ፍጹም ቅላዕ ክጻወቱ ደምደሙ። ደርሆ ሓንቲ ሽቶ ጥራይ ኣመዝጊባ። ሽዑ ደርሆ ሽቶ ናይ ምክልኻል ተራኣ በጺሑ።



ዓረዛዘነ ነታ ኰዕሶ ቀሊዑ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ዓረዛዘነ በታ ኰዕሶ ኣሸኪዑ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ዓረዛዘነ ኰዕሶ ብርእሱ ሃሪሙ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ዓረዛዘነ ሓሙሽተ ሸቶታት ኣመዝገበ።



ደርሆ ብምስዓራ ሓሪቓ። ኣዝያ ሕማቕ ሰነፍ እያ። ዓረዛዘነ መሓዝኡ ከምዚ ኢላ ስለዝተረበጸት ክስሕቕ ጀመረ።




ደርሆ ካብ ምሒር ሕርቃን ኣፋ ሃህ ኣቢላ ብምኽፋት ንዓረዛዘነ ወሓጠቶ።



ደርሆ ንቤታ እናተመልሰት ከላ፡ ምስ ኣደ ዓረዛዘነ ተራኺባ። ኣደ ዓረዛዘነ ከምዚ ክትብል ሓቲታታ፡ “ወደይ’ዶ ርኢኺ?” ደርሆ ኣይመለሰትን። ኣደ ዓረዛዘነ ተሻቒለት።




ሽዑ ኣደ ዓረዛዘነ ቀጢን ድምጺ ሰሚዓ። እቲ ድምጺ፡ “ኣደይ ሓግዝኒ!” ኢሉ ዝውጭጭ እዩ ኔሩ። ኣደ ዓረዛዘነ ኣብ ዙርያኣ እናደለየቶ ብጥንቃቐ ኣዳመጸት። እቲ ድምጺ ካብ ውሽጢ እታ ደርሆ እዩ ወጺኡ።



ኣደ ዓረዛዘነ ከምዚ ክትብል ጨደረት፡ “እቲ ፍሉይ ሓይልኻ ተጠቀመሉ ‘ዝ ወደይ!” ዓረዛዘነታት ሕማቕ ሽታን ግናይ መቐረትን ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ደርሆ ሕማም ክስመዓ ጀሚሩ።



ደርሆ ጐሲዓ። ሽዑ ጥፍጣፋ ውሒጣ ዓኽ ጡፍ ኢላ። ብድሕሪኡ ሃንጢሳ ስዒላ። መሊሳ ስዒላ። እቲ ዓረዛዘነ ከፈንፍነካ መዓት’ዩ!



ደርሆ ክሳብ ነቲ ኣብ ከስዐኣ ዝነበረ ዓረዛዘነ ኡሑእ ኢላ ተውጽኦ ሰዓል ንሰዓል ኮይና። ኣደ ዓረዛዘነን ወዳን ንኽሕብኡ ፍሕኹ እናበሉ ኣብ ገረብ ደዪቦም።



ካብታ ግዜ ጀሚሮም፡ ደርሆን ዓረዛዘነን ጽልእ እዮም።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ደርሆን ዓረዛዘነን

Winny Asara
Magriet Brink
Daniel Berhane Habte

CC BY